Privet

Welcome

Bonjour

# እንኳዕ ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ብደሓን መጻእኩም!

Hello


¡Ola!

你好

Konnichiwa

Scouts

Save the Children




## እንኳዕ ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ብደሓን መጻእኩም!

ናብ ሓድሽ ቦታ ምብጻሕ ዘፍርሕ ክኸውን ከም ዝኽእል ንርዳእ ኢና። ስለ'ዚ ድማ እዮም ኣማኢት መንእሰያት ኣብ ስካውት ዓቢ ናይ እንኳዕ ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ብደሓን መጻእኩም ክገብሩልኩም ዝደለዩ!

ኣብ መላእ ሃገር ካብ ዝርከቡ ስካውት ኣማኢት መልእኽትታትን ስእልታትን በጺሑና።

እዛ ንእሽቶ መጽሓፍ እዚኣ ካብቲ ዘካፈሉዎ ንእሽቶ ዝተመረጹ መልእኽትታት ጥራይ እያ እትሕዝ።

ክተንብብዎም ከኣ ተስፋ ንገብር ኢና።

ኣብዛ ንእሽቶ መጽሓፍ ክትረኽቡዎ እትኽእሉ፡

ምኽርታት ብዛዕባ እንታይ ክትበልዑን ክትሰትዩን ከም እትኽኡ

ክትበጽሕዎም ዘለኩም ቦታታት

ምኽሪ ብዛዕባ ፍሉጥ ኩነታት ኣየር እንግሊዝ

ናይ ድጋፍን ምትብባዕን መልእኽትታት

... ከምኡ'ውን ካልእ ብዙሓትን!



‘እንኳዕ ደሓን መጻእኩም’ ዝብሉ ምልክታት ዝሓዙ ካብ ፕሊማውዝ ዝመጹ ‘ካብስ’

“ብስም ልዕሊ 400,000 ኣብ መላእ ዓዲ እንግሊዝ ዝነብሩ ኣብ ስካውት ዝነጥፉ መንእሰያት ጽንዓትኩምን ጅግንነትኩምን ክስተብህል እደሊ። ትብዓትኩም መዓልታዊ የነቓቕሓና እዩ። ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ጉጅለ ስካውት ክንራኸብ ተስፋ ንገብር! ብፍቕርን ምሕዝነትን ክንቅበለኩም ኢና። ክንረኽበኩምን ሓቢርና ክንዘናጋዕን ድማ ብሃንቀውታ ንጽበ።”

ሉክ፣ ኣባል ጉጅለ ናይ ማሕበረሰብ ኢምፓክት ስካውት፣ ወዲ 19 ዓመት


“ኩነታት ኣየር ቁሪ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ልብና ግን ብምዉቕ ፍቕሪ ንኽቕበለኩም ድሉው እዩ። ሓይሊ፣ ቆራጽነትን ፍሉይነትን ሒዝኩም ኢኹም መጺእኩም እሞ ንሕና ድማ ብኣድናቖት ጥራይ ኢና ክንጥምተኩም እንኽእል። ብዙሓት ሓደስቲ ኣዕሩኽ ክትረኽቡ ኢኹም፣ ንሳቶም ድማ ክሕግዙኹምን ክድግፉኹም'ዮም፣ ንነብስኹም ኣብ ገዛኹም ከምዘለኹም ኮይንኩም ክስመዓኩም ኣለዎ። ጻንሒትኩም ሰናይ ክኸውን ተስፋ እገብር፣ ንመጻኢ ድማ ሓጎስን ጥዕናን ይምነየልኩም!”

ዊልያም፣ ኣባል ኣማኻሪ ቦርድ መንእሰያት ሴቭ ዘ ቺልድረን፣ ወዲ 16 ዓመት

ስኮንስ ኣዝዩ ተፈታዊ ናይ እንግሊዝ ኬክ እዩ። ናይ ባዕልኹም ንክተዳልዉ ድማ ኣሰራርሓ ስኮንስ እንሆ!

ስኮንስ፡- እቲ ናይ እንግሊዝ ስቴፕል

እቲ ትርጉም ኣብ ቀጻሊ ገጽ ይርከብ!




ካብ መበል 69 ካቦት ዳህሰስቲ፣ ብሪስቶል

# ስኮንስ፡- እቲ ናይ እንግሊዝ ስቴፕል

350ግ ሕሩጭ

1 ቲቢኤስፒ መስንከቲ ፓውደር

85ግ ጠስሚ (ብኪዩብ)

3 ቲቢኤስፒ ካስተር ሽኮር

175ሚሊ ጸባ

እንቋቑሖ

ጃምን ረቂቕ ክሬምን (ንምቕራብ)

- ኣብ 220 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ፎርኖ፣ ሓርጭ፣ ቁሩብ ጨውን መስንከቲ ፓውደርን ምሕዋስ
- ጠስሚ ወሲኽና ብኣጻብዕቲ ንውሽጢ ምልዋስ
- ጸባን ገለ ቅብኣት ቫኒላን ወሲኽና፣ ድሕሪኡ ምስ ደረቕ መሕወሲ ምሕዋስ
- ብ5ሳ.ሜ ዝቑመቱ መቑረጺ ምቑራጽ
- ኣብ ላዕሊ ብእንቋቑሖ ብራሽ ምቕባእ፣ ን10 ደቓይቕ ድማ ንስንክቶ
- ኣብ ክልተ ቆሪጽና ብክሬምን ጃምን ምሽፋን! ኣስተማቕርዎ

ብዛዕባ ዩናይትድ ኪንግደም ዝምልከት ነገራት ዝሓዘ ኮላጅ፣





ካብ ቾርልተን ስካውት፣ ማንቸስተር

‘እንኳዕ ናብ ዓዲ እንግሊዝን ዌልስን ብደሓን መጻእኩም’

ካብ 2ይ ሴንት ክሊርስ ስካውቲንግ ጉጅለ፣ ዌልስ




ካብ 2ይ ሴንት ክሊርስ ስካውቲንግ ጉጅለ፣ ዌልስ



Welcome to the UK, Well done for making it here! We hope you enjoy your time here.

Try to find and join your local guides or scout unit we are friendly and always able to offer support, and you will make some new friends. Hope you enjoy it here ×

ካብ ሓደ መንእሰይ፣

ኣብ ኬንት ኢንተርናሽናል ጃምቦሪ 2022


እንኳዕ ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ብደሓን መጻእኩም፣ እንኳዕ ድማ ብሰላም ኣብዚ በጺሕኩም! ኣብዚ ዘለኩም ጻንሒት ክጥዕመኩም ተስፋ ንገብር። ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ መጋየሽቲ ወይ ኣሃዱ ስካውት ንምርካብን ምጽንባርን ፈትኑ። ንሕና ንምሕዝነትን ኩሉ ዓይነት ደገፍ ንክንህብን ንኽእል ኢና። ገለ ሓደስቲ ኣዕሩኽ ድማ ክትረኽቡ ኢኹም። ኣብዚ ክጥዕመኩም ተስፋ ንገብር




እንኳዕ ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ብደሓን መጻእኩም!

ካብ ስፒትፋየር ኤክስፕሎረር ስካውት ኣሃዱ፣ ካቦት፣ ብሪስቶል

እንኳዕ ብደሓን መጻእኩም!




ካብ መበል 25 ሃርሎው ኣል ጋዛሊ ካብስ




እንኳዕ ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ብደሓን መጻእኩም። ተስፋ ንገብር [ክትሕጎሱ]። ብዙሓት ኣዕሩኽ [ክትረኽቡ] ተስፋ ንገብር። ብጣዕሚ ጽቡቕ ዕድል [ክህልወኩም] ተስፋ ንገብር። [ካብ] ሊልያን።

ካብ 8ይ ባርኪንግን ዳገንሃም ቢቨርስ ኤንድ ካብስን ለንደን

እንኳዕ ደሓን መጻእኩም




ዩክሬን
ሶርያ
ዒራቕ
ጆርዳን
የመን

ካብ 1ይ ሃሶክስ ስካውት፣ ዌስት ሳሴክስ





ብሰላም ስለ
ዝመጻእኩም ደስ
ይብለና።

ካብ መንእሰያት ኬንት ኢንተርናሽናል ጃምቦሪ 2022

እንኳዕ ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ብደሓን መጻእኩም!

ከቢድ ክመስል ይኽእል እዩ፣ ግን ኩሉ ግዜ ክሕግዙ ዝደልዩ ሰባት ኣለዉ እዮም። ተስፋን ድሕነትን ክትረኽቡ ተስፋ ንገብር!

ካብ መንእሰያት ኬንት ኢንተርናሽናል ጃምቦሪ 2022



ብዛዕባ ዩናይትድ ኪንግደም
ዝምልከት ነገራት ዝሓዘ ኮላጅ፣
ካብ 2ይ ቨርዉድ ቢቨር ስካውት።






እንኳዕ ደሓን መጻእኩም። ከም እንሓስበልኩም ኣይትረስዑ።

ካብ መንእሰያት ኬንት ኢንተርናሽናል ጃምቦሪ 2022

እንኳዕ ናብ ዩናይትድ
ኪንግደም ብደሓን መጻእኩም።
በይንኹም ኣይኮንኩምን።

ካብ መንእሰያት ኬንት ኢንተርናሽናል ጃምቦሪ 2022






እንኳዕ ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ብደሓን መጻእኩም! ኣብዚ [ግርም] ግዜ ክትሕልፉ ተስፋ ንገብር፣ ብዙሓት ሓደስቲ ኣዕሩኽ ክትረኽቡ ከምኡ’ውን ምናልባት ሓደስቲ መግብታት ክትፍትኑ! ኣብዚ እውን ውሕስነት ክስምዓኩም ኩላትና ተስፋ ንገብር።

ካብ መንእሰያት ኬንት ኢንተርናሽናል ጃምቦሪ 2022

ብዛዕባኹም ኢና ንሓስብ።
ኣብዚ ውሑስ ኢኹም።
ክንሕግዘኩም ኢና።

ካብ መንእሰያት ኬንት ኢንተርናሽናል ጃምቦሪ 2022







እንኳዕ ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ብደሓን መጻእኩም!

እንተድኣ ሓገዝ ኣድልዩኩም ንሰባት ሕተቱ። ኣይትጨነቑ።

እንኳዕ ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ብደሓን መጻእኩም። ክንድግፈኩምን ክንሕብሕበኩምን ንፈቱ። እኹል ዘይክኸውን ከም ዝኽእል ንርዳእ ኢና ግን ክንሕግዘኩም ንደሊ ኢና (ንናንዶ ድማ ክትፍትኑ ኣለኩም)።




ካብ መንእሰያት ኬንት ኢንተርናሽናል ጃምቦሪ 2022


Welcome ...

I hope you now have the chance to live in peace and be able to get the rest you deserve ♡

Everything will be better very soon.

Keep being strong.
I'm proud of you ♡

From Tasha

እንኳዕ ብደሓን መጻእኩም...

ሕጂ ብሰላም ክትነብሩን
ዝግብኣኩም ዕረፍቲ ክትረኽቡን
ዕድል ክህልወኩም ተስፋ እገብር።


ኩሉ ኣብ ቀረባ እዋን ጽቡቕ
ክኸውን እዩ።

ብጥንካረኹም ቀጽሉ። ብኣኹም
ይሕበን።


ካብ ታሻ።

እንኳዕ ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ብደሓን መጻእኩም። ኣብዚ [ከለኹም] ነቲ ዝግብኣኩም ህይወት ክትበጽሑን ከተስተማቕሩን ተስፋ እገብር። ዘሕለፍኩሞ ኩሉ ክትሓልፉ ንምእማኑ ዘጸግም ጥንካረ ኣለኩም። ንዝሓሸ ህይወት ክትቃለሱ ተስፋ ንገብር። ብተወሳኺ ኣብዚ [ንስኹም] እናሃለኹም ናንዶን ማክዶናልድን ፈትኑ። ኣብ መጀመርታ ዘፍርሕ ክመስል ይኽእል እዩ ግን ድሕሪ ሕጂ ግን በይንኹም ኣይኮንኩምን።

ብተወሳኺ ጋንታ እንግሊዝ ደቂ ኣንስትዮ ጽዋዕ ዩሮ ተዓዊታ! ጽዋዕ ድማ ናብ ገዝኡ መጺኡ! ጎል!




ካብ መንእሰያት ኬንት ኢንተርናሽናል ጃምቦሪ 2022




ቋንቋኹም ብዘየገድስ
ኣካል ማሕበረሰብና
ኢኹም። ንኣና ትፈርሑና
ትኾኑ ግን ንሕና ከምቲ
ዝመሰለኩም ኣይኮናን።
ዝኾነ ይኹን ብዘየገድስ
ክንከናኸነኩም ዝግበኣና
ሰባት ኢና።

ካብ መበል 35 ዊለስደን ካብስ




እዚኣተን ኣብ ዩናይትድ
ኪንግደም ዝርከባ
ኣርባዕተ ሃገራት እየን፡-


ስኮትላንድ

ዌልስ

ሰሜን ኣየርላንድ

እንግሊዝ

ካብ መበል 123 ማንቸስተር ስካውት




ሰላም፣ ኣብታ ሓዳስ ሃገርኩም ጽቡቕ ግዜ ክትሕልፉ ተስፋ ይገብር። ሽዑ ከም ገዛኹም ክኾነኩም እዩ።

ናብ ‘ሓድሽ ገዛኹም’ ከምኡ’ውን ‘ናይ ቀደም ገዛኹም’ ዘመልክቱ ፍላጻታት

ካብ ኣባላት ስካውት ሻየር ኦክ፣ ሊድስ




እንኳዕ ብደሓን መፁ

ካብ ኣባላት ስካውት ሻየር ኦክ፣ ሊድስ




እንኳዕ ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ብደሓን መጻእኩም!

ኣብዚ ጉዕዞ ምሳኹም ኢና ዘለና!

ካብ፡- ኩላትና!

ካብ መንእሰያት ኬንት ኢንተርናሽናል ጃምቦሪ 2022

ሰላም እንኳዕ ናብ
ዩናይትድ ኪንግደም
ብደሓን መጻእኩም!




ካብ መንእሰያት ኬንት ኢንተርናሽናል ጃምቦሪ 2022


ካብ 1ይ ሃሶክስ ስካውት፣ ዌስት ሳሴክስ






ሰላም! ንዓኹም ምርካበይ ደስ ዘብለ'ዩ፣ ኣነ ኤስ'የ ንሳቶም/ንሱ ኢልኩም ክትጽውዑኒ ትኽእሉ። እንኳዕ ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ብደሓን መጻእኩም!

ኣብ ሓዱሽ ሃገር ምህላው ዘፍርሕ ምኳኑ ክግምት እኽእል'የ፣ ናብ ሓደስቲ ጉጅለታት ስካውት ምጽንባር'ውን ልክዕ ከምኡ ዘፍርሕ ክኸውን ይኽእል'ዩ፣ ግና ብዝከኣለና መንገዲ ክንሕግዘኩም ኢና ኣብዚ ዘለና።



ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ኩሉ ሰብ ሻሂ ምስታይ ኣይፈቱን እዩ (ኣነ ኣይፈትዎን'የ)፣ ብርግጽ ግን ህቡብ መስተ'ዩ። ከም ዓሳን ቺፕስን ንፈቱ ኢና፣ እዚ ድማ ብዙሓት ሰባት ኣብ ሰሙን ሓደ ግዜ ዝበልዕዎ ልሙድ መግቢ እዩ (ካብ መጽናዕተይ) ...



ካብ መበል 54 ፕሊማውዝ ኤክስፕሎረርስ፣ ሃምፕሻየር


ክቡራት ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ትመጹ ዘለኹም ስደተኛታት፣ ሉሲ ይበሃል ኣብዚ ውሕስነት ክስምዓኩም ዝሰራሕኹልኩም ሃይኩ ከርእየኩም እየ።

ኣብዚ ብምህላውኩም ናይ ብሓቂ ተሓጒስና፣ ንኹልኹም ድማ ብሰላም ከምንሕዘኩም ጥራይ እየ ክሕብረኩም ዝደሊ።

እቲ ሃይኩ እንሆ፡-

እንኳዕ ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ብደሓን መጻእኩም
ኣብዚ ብምህላውኩም ተሓጒስና ኢና
ምሳና ውሑስ ምዃንኩም ኣይትረስዑ

ካብ 1ይ ዌላንድ ቫሊ ስካውት፣ ሌስተርሻየር



# ኩነታት ኣየር ዓድና ነዚ ይመስል

Wether meter ናይ [ኩነታት ኣየር] ሜትር፡-

| | | | |
|---|---|---|---|
| Sun<br>ጸሓይ | rain<br>ዝናብ | thunderstorm<br>ነጎዳ | snow<br>በረድ |

hope you have a good time in the uk

ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ጽቡቕ ግዜ ክትሕልፉ ተስፋ ንገብር






Love from Daniel

ምስ ፍቕሪ ካብ ዳንኤል

ካብ ፕሊማውዝ ካብስ፣ ሃምፕሻየር

ካብ ቻርልተን ስካውትስ፣ ማንቸስተር




ብዙሕ ዝናብ
[ክዘንብ'ዩ]፣
ክንረኽበኩም ግን
ብሃንቀውታ ንጽበ።

ክትፈትውዎ ድማ
ተስፋ ንገብር።

እንኳዕ ደሓን
መጻእኩም




ዩናይትድ
ኪንግደም ንዓኹም

ካብ ሓደ መንእሰይ ኬንት ኢንተርናሽናል ጃምቦሪ 2022

ዓበይቲ ንዝያዳ ሓበሬታ
ናብዚ ኣቕንዑ!